ምስጓግ ደው ይበል ! መሰል ምንባር ንኹሉ
**ቀዳም 10.12.2016 ሰዓት 14.00**
ፍራንክፎርት ኤርፖርት ተርሚናል ቁ **1** መሰናበቲ **B**

ኣብ ኣህጉራዊ መዓልቲ መሰል ደቂ ሰባት ኣንጻር ምስጓግ ንቃወም
ኣብ መጀመርያ ጥቅምቲ 2016 ኣብ ሞንጎ ኤውሮፓዊ ሕብረትን መንግስቲ ኣፍጋኒስታንን ናይ ምምላስ ስምምዕ ብምፍራም ናይ ዑቐባ ጠለቦም ተነጺጉ ናይ ተጻዋርነት ደረጃ ጥራይ ዝሓዙ ኣፍጋኒስታናውያን ናብ ዓዶም ናይ ምምላስ መስርሕ ካም ዝቃለል ተጌሩ።ካብዚ ሓሊፉ ንተመለስቲ ጥራይ ዘገልግል ተርሚናል ኣብ ካቡል ኤርፖርት ንምስራሕ ተዘትዩሉ።

ብሓባርን ብልዑል ድምጺን ኣብ ኤርፖርት ፍራንክፎርት ኣንጻር ምስጓግ ተደጋጋሚ ናይ ተቓውሞ ሰለማዊ ሰልፊ ኣካይድና። ተቓውሞ ኣንጻር እቲ ብዱብሊን ዝፍለጥ ምስጓግ ኣብ ውሽጢ ኤውሮፓ ናብ ጥልያን፣ ሃንጋሪ ወይ ውን ቡልጋርያ። ከምኡውን ምስጓግ ናብተን ውሑሳት መበቆል ሃገራት ዝተሰምያ ከም ሰርቢያን ማሴዶንያን።ከምኡውን ዝስጎጉ ሰባት ኣብ መወዳእታ ደቒቕ ኣንጻር ምስጓግ ክቃወሙ ኣብ ዝወሰኑሉ እዋን ኣብ ነፋሪት ደው ምስ ዝብሉ ኣብ ደገ ንተሳፈርቲ ክተእታተው ብቐጻሊ ኣተባቢዕና።

እዚ ተቓውሞ እዚ ገና ኣድላይ ኢዩ ክሳብ እዚ ዘይፍትሓዊ ምስጓግ ደው ዘይበለ ድማ ክንቅጽሎ ኢና።

እዚ ዝካኣል ግን ብሓባር ምስ ንሰርሕን ሓድነት ምስ ንሃንጽን እዩ። ኣንጻር ፍርሒ ንሰምር። ኣፍጋኒስታን ውሑስ ሃገር ኣይኮነን። ነብሲ ወከፍ ኣሉታዊ ውሳኔ ዝተዋህበ ኣብ ከባቢኡ ብዙሓት የዕሩኽቱ ክእክብ ኣለዎ ብሓባር ድማ ኣንጻር ድሌቱ ዝኾነ ሰብ ናብ ኣፍጋኒስታት ይኹን ናብ ካልእ ሃገር ከይስጎግ ክንቃወም ኢና።

ኣብ ዕለት 10.12.2016 ብሓባርን ብልዑል ድምጽን ኣንጻር ምስጓግን ምእንቲ መሰል ኣብዚ ናይ ምንባርን ዓው ክንብል ኢና።

ኣንጻር ፍርሂ ተአኻኺብና ነናሓድሕድና ክንደጋገፍን ኢና - ምእንቲ ዝሓየለ ቃልሲ ንመሰል ምንባር ንኹሉ።

ንኹሉ ማዕረ ማሕበራዊ መሰላትን ነጻነት ናይ ምንቅስቓስን።

ብፍላይ ንምስጓግ ናብ ኣፍጋኒስታን ዝምልከት ሐቤሬታ

Englisch: http://w2eu.info/germany.en/articles/germany-deportation-afghanistan.en.html

Dari: http://w2eu.info/germany.fa/articles/germany-deportation-afghanistan.fa.html

**ኣንጻር ኣብ ውሽጢ ኤውሮፓ ዝግበር ናይ ዱብሊን ምስጓግ:**

http://w2eu.info/germany.en/articles/germany-dublin2.en.html

**ኣብ መወዳእታ ደቒቕ ኣብጻር ምስጓግ ምክልኻል ከምዚ ይመስል:**

http://w2eu.info/germany.en/articles/germany-deportation.en.html

**ኣብጻር ፍርሒ – መሰል ምንባር ንኹሉ !**

**ኩሎም ኣብዚ ዘለው, ኣብዚ እዩ ዓዶም.**

ብደገፍ ምትእኽኻብ ራይን ማይን ጸረ ምንጋግ
Aktionsbündnis gegen Abschiebung Rhein-Main
Hessischer Flüchtlingsrat
Kein Mensch ist illegal Hanau und Darmstadt
refugees welcome cafe Darmstadt
Antira_K, Frankfurt
NoBorder Frankfurt